# ወንጌል ማርቆስ

# 2ይ ክፍሊ

## ፩ - ማርቆስ ወንጌል ከምዝጸሓፈ

**ማርቆስ ወንጌል ከምዝጸሓፈ ዚምስክሩልና ሓድሓደ ኣበው ክንጠቅስ፥**

**ሀ- ኣቡነ ፓፒያ ዘጀራፓሊስ** (፻፶ ዓ.ም.) *“ማርቆስ ተርጓሚ ስብከት ቅ-ጴጥሮስ ብምዃኑ ወንጌል ጸሓፈ። ኪጽሕፍ እንከሎ ከኣ ብስርዓት ኣከታትላ ጊዜ ሓልዩ ዘይኮነስ ብዝዝክሮ ዝነበረ ቃላትን ተግባራትን ክርስቶስ ኣደባሊቑ ከምዝጸሓፈ እቲ ሽማግለ (ቅ.ዮሓንስ ወንጌላዊ) ኣረጋጊጹልና። ንሱ (ማርቆስ) ንክርስቶስ ተኸቲልዎን ሰሚዕዎን ስለዘይፈልጥ ከምቲ ኣቐዲመ ዝበልክዎ ነቲ በብእዋኑ ካብ ቅ.ጴጥሮስ ዚሰምዖ ዝነበረ ታሪኽ ክርስቶስ ናይ ጊዜ ኣከታትላን ስርዓት ከይገደሶ ኣብ ጽሑፍ ኣስፈሮ።”* ብምባሉ ቀዳማይ መረጋገጺ ይኾነና።

**ለ-** ኣብ ፱ይ ዘመን **ቅ-ሄረኔዎስ** ከምዚ ዚብል ምስክርነት ይገድፈልና፥ *“ድሕሪ ሞቶም (ሰማዕትነት ጴጥሮስን ጳውሎስን) ተርጓምን ረድእን ዝነበረ ማርቆስ ነቲ ስብከት ጴጥሮስ ጸሓፎ”።*

**ሐ- ቀለመንጦስ ዘእስክንድርያ** (፪፻፶፬ ዓ.ም.) እውን “ቅ.ጴጥሮስ ብመንፈስ ቅዱስ ተመሪሑ ኣብ ሮማ ብግሁድ ወንጌል ኣበሰረ (ሰበኸ)። ድሕሪኡ ገሊኣቶም ናብቲ ኣጸቢቑ ስብከቱ ዚዝክሮ ዝነበረ ረድኡ ናብ ማርቆስ መጺኦም ስብከተ ጴጥሮስ ብጽሑፍ ኬቕርበሎም የረጋግጸልና። ነዚ ዚድግፉ ብዙሓት ጥንታውያን ጸሓፍቲ ቤተክርስትያን ከም በዓል ጠርጥልያኖስ በዓል ኦሪገነን

ኣይሰኣኑን ኢያቶም።




## ፫ - ኣጸሓሕፋ ወንጌል ማርቆስ

ማርቆስ ወንጌሉ ንጠቕሚ እቶም ካብ ኣምልኾ ጣዖታት ዝተመልሱ ኣብ ሮማ ዝነበሩ ክርስትያን ከምዝጸሓፎ ቀለምንጦስን ካልኦት ኣበውን ዚምስክርዎ ሓቂ ኣብ ርእሲ ምኻኑ፡ ድርሰቱ እንተተመልከትና’ውን እዚ ሓቒ’ዚ መሊሱ ኪገሀደልና ይኽእል።

ማርቆስ ነይሁድ ስለዘይጽሕፍ ዘሎ

(1) ኦሪትን ነብያትን ከም ታሪኻዊ መረዳእታ ኣይጠቅስን።

(2) እቶም ኣንበብቱ ሮማውያን ስለዝኾኑ ንኣብነት ብዛዕባ ኣቀማምጣ ደብረዘይት “ኣብ ማዕዶ ቤተመቅደስ እዩ” ይብል፣

(3) ፈረሳውያን ብዙሕ ጊዜ ከም ዚጸሙ ሰዳቓውያን ከኣ ኣብ ትንሣኤ ሙታን ከምዘይኣምኑ የዘኻኽር።

(4) በጋጣሚ ገሊኡ ነይ ቋንቋ ዕብራይስጢ ቃላት ኬምጽእ እንከሎ ትርጉሙ ይፌትሕ ጸጸኒሑ ከኣ ላቲናዊ ቃላት ይጥቀም።

(5) ኣንበብቲ (ተቐበልቲ ወንጌል) ልምድን ባህልን ኣይሁድ ስለዘይፈልጡ፡ ብዙኅ ኣይዛረብሉን

(6) ከምኡ'ውን ብዛዕባ እቲ ተደጋጋሚ ክርክር ኢየሱስን ኣይሁድን (ፈረሳውያን) ከይጠቐሶ ይኅልፍ።

በዚ ዝዘርዘርናዮ ምኽንያት እምበኣርከስ ብርግጽ ማርቆስ ወንጌሉ ነቶም ንኡሰ ክርስትያን ደቂ ሮማ እዩ ጽሒፍዎ ክንብል ንኽእል።

ማርቆስ ወንጌሉ ንሮማውያን ክርስትያን ቢሉ ይጽሓፎ ድአ እምበር ቋንቋ ላቲን ከምዘይተጠቐመ ፍሉጥ ነገር እዩ፡ ከመይ ኵላቶም ወንጌላውያን ብዘይካ ማቴዎስ ብቋንቋ ግሪኽ ከምዝጸሓፉ ብሓድነት ሊቃውንቲ ሓዲሽ ኪዳን ዚድግፍዎ እዩ። ቋንቋ ግሪኽ ኣብ ሮም ኣዝዩ ዝውቱር ቋንቋ ስለዝነበረ፡ ኵሉ ጽሑፋት ብቋንቋ ግሪኽ እዩ ዚዝርጋሕ ዝነበረ። ጳውሎስ ከይተረፈ ብመልእኽቱ ምስ ሮማውያን ኪራኽብ እንከሎ ብቋንቋ ግሪኽ ይጽሕፍ ከምዝነበረ ንፈልጥ። ቅ.ኦጕስጢኖስን ቅ-ሄረኔዎስን ከምዘረጋግጹልና ድማ ብዘይካ ወንጌል ማቴዎስ ኵሉ መጻሕፍቲ ሓዲሽ ኪዳን ንፈለማ ጊዜ ብቋንቋ ግሪኽ ድሕሪ ምጽሓፉ፡ ናብ ካልእ ቋንቋታት ተተርጕመ።

ማርቆስ ወንጌሉ መዓስ ማለት በየናይ ዓመተ ምሕረት ከምዝጸሓፎ ክሳብ ሎሚ ዜከራኽር ዘሎ ሕቶ እዩ። ነንሕድሕዱ ዘይሰማማዕ ሓሳብ ኣበው ስለዘሎና ክሳብ ሕጂ ብ "ይኸውን" ዚብል ኣዘራርባ ድአ እምበር ውሱን ጊዜኡ ኣይተፈልጠን። ቅ. ሄረኔዎስ *"ድሕሪ ሞቶም እዩ"* ኪብል እንከሎ ብርግጽ ድሕሪ ፷፯ ዓ.ም. ምኾነ ነይሩ፡ ኣቡነ ፓፕያስ'ውን *"እቲ ዚዝክሮ ዝነበረ ጸሐፎ"* ኪብል እንከሎ ድሕሪ ሰማዕትነት ጴጥሮስን ጳውሎስን ከምዝተጻሕፈ የስምዕ፡ ኮይኑ ግን ቅለመንጦስ ዘእስክንድርያ ብወገኑ ማርቆስ ወንጌሉ ኪጽሕፍ እንከሎ ጴጥሮስ ብሕይወቱ ነይሩ እዩ ቢሉ ስለዝሓስብ ንመን ከምእንእምን ይሽግረና። በዚ ምኽንያት እዚ ብሓፈሽኡ ማርቆስ ወንጌሉ ኣብ ሮማ ቅድሚ ፸ ዓ.ም. ጸሓፎ ይበሃል። ኣብ "መቅድም ወንጌል ቅዱስ" ከምእንረኽቦ፡ ኢትዮጵያውያን ብሓጺሩ *"ማርቆስ ጌታ ካረገ ዓሥራ ኣንድኛው ተፈጸሞ ዓሥራ ሁለተኛው ሲጀመር ቀላውዴዎስ ቄሣር በነገሠ ባራተኛው ዘመን---"* እናበሉ ውሱን ጊዜ ይምድቡ።

ቅ.ማርቆስ ኣብ ኣደራርሳ ወንጌሉ ከም ምንጭታት ዝተጠቐመሎም ብዙኃት ጽሑፋት ኣሎዉ። ካብ ኵሉ ግን ወንጌሉ ቅዳሕ ስብከተ ጴጥሮስ (ኣብ ጽሑፍ ዝተጠርነፈ ስብከት ቅ.ጴጥሮስ) ከምዝኮነ ዝተረጋገጸ እዩ። ምኽንያቱ፡ ወንጌል ማርቆስ (1) ኵሉ እቲ ጽቡቕ ተግባራትን ጽቡቕ ኣዘራርባን ሽመትን ቅ.ጴጥሮስ ስለ ዘይጠቅስ (2) በንጻሩ ግን ክሕደት ጴጥሮስ (፲፬፡ ፷፯-፸፪)፥ መግናሕቲ ኢየሱስ ንጴጥሮስ (፰:፴፫)፥ ከምኡ'ውን ጴጥሮስ ዚብሎ ከይፈልጠ ኣብ

ደብረታቦር ዝተዛረቦ ቃል ብምጥቃሱ (፱፥-፭-፯) እዚ ኣዘራርባ እዚ ጴጥሮስ ንርእሱ እናትሓተ ንስብከቱ ዚጥቀመሉ ዝነበረ ታሪኽ እዩ ኣብ ምባል የብጽሓና።

(3) ማርቆስ ኣብ ወንጌሉ እቲ ንእሽቱ ነገራት'ውን ከይተረፈ ስለዝዝክር እዚ ትዕዝብቲ ናይቲ ብዓይኑ ዚዕዘቦ ዝነበረ ጴጥሮስ ከይኮነ ኣይተርፍን።

(4) ወንጌል ማርቆስ ናይ ቅ.ጴጥሮስ ኣቀራርባ ብሥራት ወይ ስብከቱ ኣጸቢቕን ኣጕሊሁን ስለዝከታተል ምስ ኣዘራርባኡ'ውን ተመሳሳልነት ኣነጺሩ ዜቕርብ ስለዝኾነ ኣብ ጽሑፍ ዝተሓትመ ስብከት ቅ.ጴጥሮስ እዩ ክንብል ንግደድ።

ብዘይካ ስብከት ጴጥሮስ፡ ማርቆስ ኣብ ኣጸሓሕፋ ወንጌሉ፡ ብኣራማይስጥ ዝተጻሕፈ ቀዳማይ ወንጌል ማቴዎስን በቲ እዋንቲ ኣብ ሓደ ተጠርኒፉ "ታሪኽ" ተባሂሉ ኣብ መንጎ ክርስትያን ዚመሓላለፍ ዝነበረ ጽሑፍን ከምዝተጠቕመ ዚዝከር እዩ።

## ፬ - ኣመቓቕላ ወንጌል ማርቆስ

ወንጌል ማርቆስ ሕዝቢ ኪሰምዖ ብዝኽእል ብቕልል ዝበለ ኣዘራርባ ተጻሒፉ ይርከብ። ጸሓፊ ካልኣይ ወንጌል ነቲ መተኣሳሰሪ (χαι - ወ - ከዓ) ደጋጊሙ ብምዝውታሩ ቋንቋ ግሪኽ ብዙኅ ይመልኮ ከምዘይነበረ የረዳኣና። ሓድሓደ ጊዜ ንተግባራት ጐ. ኢየሱስ ክርስቶስ ኬዝንቱ እንከሎ ሓደ ኣብነት (ሞዴል) ወሲዱ የቕርቦ። ንኣብነት ፬፥፴፱-፵፩ (4፡39-41) ምስ ፩፥፳፭-፳፯ (1፡25-27)። ፰፥፳፪-፳፮ (8፡22-26) ምስ ፯፥፴፪-፴፮ (7፡32-36)። ፮፥፩-፪ (6፡1-2) ምስ ፩፥፳፮-፳፯ (1፡26-27) እንተኣነጻጸርና ከም "ገንሖ - ኣዘዞ፡ ኣዚዮም ፈርሑ፡ ተበሃሃሉ፡ ተሓታተቱ" ዚብል ተመሳሳሊ ቃላትን ሓሳባትን ክንረክብ ንኽእል።

ቅ.ማርቆስ እቲ ቀዳማይ ሓጺርን ጥርኑፍን ሕይወት ጐ.ኢየሱስ ክርስቶስ ዝሀበና ወንጌላዊ ኢዩ። ነቲ ብመጀመርያ ብኣፍ ዚንገር ዝነበረ ዜና ብሥራት ኣስፊሑ ከመሓላልፈልና'ኳ እንተጸዓረ ንሓሳባቱ በቲ ጊዜ'ቲ ዚዝውተር ዝነበረ ሥርዓት ኣምልኾ ተገዲዱ ኣሕጸሮ። እዚ ንክንርዳእ ብዛዕባ ጾም (፪፥፳) ቅብዓት (፮፥ ፲፫) ጸሎት (፱፥፲፩፥፳፬) ዝጻሓፎ ጥቅስታት ክንርኢ ንኽእል።

ብዛዕባ ትምህርተ ክርስትና ዚዛረብ ኣገደስቲ ጥቅስታት እዘን ዚስዕባ ኢየን።

፬፥ ፳፩-፳፭ ፥ ፰፥ ፴፬-፱ ፥ ፱፥ ፴፯-፶ ፥ ፲፥ ፩-፴፩።